# ኣገዳሲ መግለጺ

## ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ከተማ ርያድ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ምሉእ ደገፎም ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ገሊጾም

ብዕለት 13.04.2005 ኣባላት ናይተን ኣብ ትሕቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጠርኒፈን ዘለዋ ተቓወምቲ ውድባት፡ ንመጀመርያ ግዜ ናይ ምልላይ ኣኼባ ኣካይድና። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብዚ እዋንዚ ዝወሰዶ ናብ ቅኑዕ ጕደና ዘምርሕ ስጕምቲ ነመጕስ፤ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ደገፍና ንግለጽን ኣብ ጐድኑ ደው ንብል።

ብሰንከቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዝፍጽሞ ዘሎ ኣረሜናዊ ግፍዕታት፡ ንህዝብና ካብ ዘሕልፎ ዘሎ ሕማቕ መነባብሮ ንምድሓን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኰይና ብንጽዓት ክንቃለስ ምዃና ድማ ነረጋግጽ።

ብዕለት 16.04.2005 ከኣ፡ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ሃገርናን ሓድነት ህዝብናን ዓሚቍ ክትዓት ኣካይድና። ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብዚ መድረኽዚ፡ ንምርግጋጽ ሰላምን ዲሞክራስን ኣብ መጻኢት ኤርትራ፤ንሰላማዊ ምቅብባል ስልጣንን ዘበስር ስጕምቲ ምዃኑ ገምጊምና።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣኼበኛታት ካብ መንጎኦም ንመጻኢ መድረኽ ዝኸውን ናይ ስራሕ መደብ-ዕዮ እተዳሉ ሽማግለ ኣቚሞም።

ዓወት ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ
ሕፍረትን ውድቀትን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት
ክብርን መጐስን ንስውኣትና

ተኸታታሊት ሽማግለ
ጨንፈር ርያድ
21.04.2005